ERI-PLATFORM
Enlightening, Engage, Unite

ኤሪ-ፕላትፎርም
ኣብርህ፡ ኣሳትፍ፡ ኣስምር

8 ሕዳር 2023

**ሓተታ፦ መዓስ ኢዮም ኪመሃሩ?**

**ሓደገኛ አጀንዳ ኣቢይ ኣሕመድ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ወደባታን**

ኣምባ. ዓንደብርሃን ወልደጊዮርጊስ

ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ኣቢይ ኣሕመድ፡ ኣብ 13 ጥቅምቲ 2023፡ ኣብ ልዕሊ ናጽነት፡ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ናይተን ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዘለዋ መዳውብቲ ሃገራት ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ኣብ ኤርትራ ዘተኰረ፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ታህዲድ ብወግዒ ከም ዚኣወጀ ይዝከር። እዚ ድማ፡ ሕቶ መጻኢ ሰላምን ኲናትን ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጥራይ ዘይኰነ፡ እንተላይ ኣብ ዘባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ስለ ዚትንከፍ፡ ግቡእ መልሲ ዘድልዮ ኣገዳሲ እዋናዊ ጕዳይ ኢዩ።

እቲ ኣርእስቲ ኣዝዩ ሰፊሕ ስለ ዚኾነ፣ ኣብዚ፡ ኣብ ዓሰርተው ክልተ (12) ንኡሳን ኣርእስቲ ጸሚቄ፡ ኣሕጽር ኣቢለ ከቕርቦ እየ። እተን ንኡሳን ኣርእስቲ፦ (1) ሓድሽ ነቢት ኣብ ብላይ ሓርቢ፡ (2) ሓለንጊ ሃልወሳ፡ (3) ትዕቢት ድንቍርና፡ (4) ንግስነት ኣኹሱምን ኤርትራን፡ (5) ኣመሰራርታ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ (6) ኣቀዋውማ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ (7) ኤርትራዊ መንነትን ሃገራውነትን፡ (8) መንገዲ ነባሪ ሰላም፡ (9) ዋንነት ዶ መሰል ተጠቃምነት፡ (10) ውሽጣዊ ጸላኢ፡ (11) ጻውዒት ግቡእ ምፍጻም፡ (12) መደምደምታ፡ ኢዮም።

እቲ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዋንነት ወደብ፡ መተሓላለፊን (ኮሪደር) መደበር ሓይሊ ባሕርን ብሓይሊ ንምጥራይ ዘቕረቦ ጠለብ ዳርጋ ኣዋጅ ኲናት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ጂቡቲን ሶማልያን ኢዩ። እቲ ብላሻዊ ኣዋጅን ካብ ሓቂ ዚረሓቐ ዘይርትዓዊ መንቀሊኡን ንቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ንመስራቲ ኣዋጅ ኣፍሪቃዊ ሕብረት፡ ንውዕል ሕቡራት ሃገራት 1982 ኣብ ሕጊ ባሕሪ ኰነ ንሓባራዊ ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ኤርትራን ኢትዮጵያን 2018 ዚጻረር ኢዩ። እቲ ነቲ መሰረት ስልጡን ዝምድናታት ኣብ መንጎ ሃገራት ዚኾነ ኣህጕራዊ ሕጊ ብምጥሓስ፡ ኣብ "ሕጊ ጫካ" ንምምርኳስ ዚወርወሮ ታህዲድ፡ ንርግኣት ናይቲ ድሮ ብቕልውላውን ኲናትን ተናዊጹ ዘሎ ዞባ ብዝያዳ ዚዘርግ ኢዩ።

ሰልፊ ብልጽግና ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ (1) ብዛዕባ'ቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘለዎ ጥጁእ ግዝኣታዊ ውጥን፡ ኣብቲ ምስ ሰብ ዋኒን-ትካላት፡ ላዕለዎት ወተሃደራዊ መኰንናትን ካድራት ሰልፍን በብግዜኡ ዘካየዶ ኣኼባታት ዘቕረቦ ደረቐኛ መግለጺታት ተኸታታሊ

ምስጢራት ብመደብ ከስሉኹ ከም ዚጸንሐ ይፍለጥ። ኣብቲ ድሒሩ ኣብ ፓርላማ ኢትዮጵያ ዘቕረቦ መደረ (2) ድማ፡ ብወግዒ ቀይሕ መስመር ብምጥሓስ፡ ኢትዮጵያ ቀጥታዊ ኣፍደገ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ኪትውንን "ባህርያዊ መሰል" ኣለዋ፤ ቀይሕ ባሕሪ "ባህርያዊ ዶብ" ኢትዮጵያ ኢዩ፤ ኣብ ታሪኻዊ፡ ጂኦግራፍያዊ፡ ደሞግራፍያዊ፡ ኤትኒካውን ቍጠባውን መመኸነይታ ዚተመስረተ ኣፍደገ ቀይሕ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ህላዌኣዊ ኣድላይነት ኣለዎ፤ ኪብል ጽዒዱ። ንምዃኑ፡ እዞም ጠለባት እዚኣቶም ሓደስቲ ዲዮም፧ እቲ ትረኻ ኸ፡ ሓቂ ዲዩ ወይስ ሓሶት፧

## 1. ሓድሽ ነቢት ናብ ብላይ ሓርቢ

ነቲ ብወለዶታት ናይ ገዛእትን ገዛእቲ ልሂቃንን ዘመናዊት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኪውርወር ዚጸንሐ ግዝኣታዊ ጠለባት ኪሽይጥ ምፍታኑ፣ ኣቢይ ብቐሊሉ ሓድሽ ነቢት ናብ ብላይ ሓርቢ ኢዩ ዘፍስስ ዘሎ። እዚ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምሳሌያዊ ዛንታ'ዚ ሰባት "ሓድሽ ነቢት ናብ ብላይ ሓርቢ" ንከየፍስሱ፤ "ከምኡ እንተ ገይሮም፡ እቲ ሓርቢ ኪነቱጕ ኢዩ፤ እቲ ነቢት ኪፈስስ ኢዩ፣ እቲ ሓርቢ ድማ ኪቕደድ ኢዩ" (3) ኢሉ ይመክር።

ኣስፋሕፋሒ ህርፋን ገዛእቲ ልሂቃን ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ድንገተኛ ኣጀንዳ ናይ "ኣፍደገ ቀይሕ ባሕሪ ዘለዋ ዓባይ ኢትዮጵያ" ረኺሱ፡ እንደገና ቁማር ንምጽዋት ሓደገኛ ውዲት ኣበጊሱ ኣሎ። ኣቢይን ናይ ቀረባ ደቀ መዛምርቱን ነቲ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ወደብ፡ መተሓላለፊ ኮረደር ኰነ መደበር ሓይሊ ባሕሪ ናይ ምውናን ጥራይ ዘይኰነስ፡ እንተላይ ንኤርትራ ዳግም ኣብ ትሕቲ ዕብለላ ኢትዮጵያ ናይ ምምላስ ዘለዎም ሕቡእ ውጥን፡ ሰላሕታዊ ፕሮፓጋንዳ ኪገብሩሉ ከም ዚጸንሑ ቅሉዕ ምስጢር ኢዩ። እዚ ዓይነት ውጥን'ዚ ቅድሚ ሕጂ ተፈቲኑ፡ ዘስካሕክሕ ሞትን ዕንወትን ኣስዒቡ ከም ዚፈሸለ ምዝኽኻር የድሊ።

ወግዓዊ ምእዋጅ ናይቲ ኣስፋሕፋሒ ውጥን ንስርዓት ኣቢይ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት፡ ቍጠባታትን መጻኢታትን ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ጂቡትን ሶማልያን ሓደገኛ ሳዕቤን ዘኸትል ኩናት ንምትኹታኹን ንኹሎም ወገናት ዘኽስር ጸወታ ንምጽዋትን መንገዲ ተራጽሞ ኣትሒዙዎ ኣሎ። እቲ ሓደጋ ወይ ሽሑራዊ ሓይሊ ካብቲ ጥርሙዙ ወጺኡ ተበቲኑ ኣሎ (the genie is out of the bottle)። እቲ ዚተጣዕሰ ከምስል፡ ኣባላት ሰራዊቱ፡ ኣብቲ ምርኢታዊ ሰልፊ ናይ ወተሃደራዊ ዓደኹዶኹ "እቲ ባሕሪ ናትና ኢዩ፣ እቲ ወደብ ናትና ኢዩ፣ እተን መራኽብ ናትና ኢየን" ኢሎም እናጨደሩ ሰላምታ ብምሃብ ዚምርሑሉ ዚነበሩ እዋን፣ ትጕሽተተይ ኪብል ዚፈተኖ፡ ነቲ ድሮ ዚፈጸሞ ዕንወት ከዐሪ ይኹን ነቲ ብሰሪ ዋሕዚ ሕዱር ውስልትናኡ ዚተፈጥረ ጋግ ዘይእሙንነት ከጽብብ ከቶ ኣይክእልን ኢዩ።

ብርግጽ፡ ኩናት ኣብ ኵሉም ወገናት ሞትን ዕንወትን ዚዘርእ ብዝሐ-ብልሓዊ ሴፍ ኢዩ። እንተ ተወሊዑ፡ ኣብ መላእ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከቢድ ዕንወት ዘምጽእን ማእለያ ዘይብሉ ስቓይ ዘስዕብን ኪኸውን ኢዩ። ኣብቲ ቀንዲ መተሓላለፊታት መራኽብ ናይ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ'ውን፡ ንባሕራዊ ድሕነት ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ኩናት ኣብ ልዕሊ ኣህጕራዊ ሰላምን ጸጥታን ዓቢ ርኡይ ሓደጋ ዘኸትል ኢዩ።

## 2. ሓለንጊ ሃልወሳ

ኣቢይ፡ መጻኢ መደበር ናይቲ ኣብ ቀላይ ጻና ተመስሪቱ ዚህነጽ ዘሎ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ምዃኑ ኣብ ዚተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ብቕሉዕ ኪእምት ጸኒሑ ኢዩ። ምናልባት፡ በቲ ፕረዚደንት ኢሳያስ ዘወፈየሉ ህያብ ካርታ ቀይሕ ባሕሪ ተሃሪሪፉ ኪኸውን ይኽእል። ብዚኸፍአ ግን፡ እቲ ቀጥዒ፡ ትሕዝቶን ሚዛንን መንግስታዊ ፕሮቶኮል ዚሰሓተ፡ ንልዑላውነት ኤርትራ ዘድፈረ "ካብ ብሕጂ ንደሓር ንስኻ ኢኻ ትመርሓና"፡ "ንስኻ ኢኻ ትውክለና"፡ እናበለ ዚደጋገሞ ዘረባታት፣ ብፈንጠዝያ ኣፍልቡ እናሃረመ "እቶም ኤርትራን ኢትዮጵያን ክልተ ሃገራት ኢየን ኢሎም ዚሓስቡ፡ እቶም ነቲ ክዉንነት ዘይፈልጡ ኢዮም" ዚብል ክብረት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘዋረደ፡ ውልቃዊ ስምዒቱ ዘቃልዐ ከዳዕ ኣሽካዕላል፣ ናይ ሓሶት ተስፋ ብምስራጽ ንኣስፋሕፋሒ ህርፋን ኣቢይ ብዝያዳ ኣተባቢዑ ኪኸውን ይኽእል።

መራሒኡ ዚነዓቕ ሃገርን ህዝብን ዚኾነ ይደፍሮ! ኣቢይ፡ ነቲ በቲ ዚሰምዖ መብጽዓ ዚሓደሮ ህርፋን ብሰላማዊ መንገዲ ከርዊ ብዘይ ምኽኣሉ ድማ፡ ሕርቃኑ ንምውጻእ ብዚመስል መልሰ-ግብሪ፣ ኢትዮጵያ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ፡ ከም ግድነታዊ ህላዌኣዊ ኣድላይነት ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ምውናን "ዘለዋ ባህርያዊ መሰል" ብሓይሊ ንምርግጋጽ ሓደገኛ ኣገባብ ኣዊጁ።

ብምስጢር እ ንታይ ተባሂሉ ዝፈልጦ የብለይን። ብዚኾነ ግን፡ ኣቢይ እቲ ከም መዋገዪ ዘቕረቦ (1) ግዝኣታዊ በደላ፡ (2) ምቅሊት ብርክታት ኣብ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ወይ ኣብ ዓቢ ግድብ ትንሳኤ ኢትዮጵያ ወይ (3) ፈደረሽን ይኹን ኮንፈደረሽን፡ ርትዓዊ መበገሲ ልዝብ ከም ዘይኮነ ንምግንዛብ፡ ብፖለቲካዊ መምዘኒ፡ ኣመና ጥረ፡ ኣመና ተልመዴን ወይ ኣመና ሃልወሳዊ ምዃኑ ይእምት። እቲ ናብ ጕበጣ ዘምርሐ ፈደረሽን ይኹን እቲ ምስኡ ዚመሳሰል ኮንፈደረሽን ሕቡእ ዕላማ ዚሓዘለ ኢዩ። እቲ ግዝኣታዊ በደላ ኰነ ምቅሊት ብርክታት ድማ፡ ምስቲ ክብሪ ናይቲ ባህርያዊ ጸጋታት ገማግም ባሕርን ትሕዝቶ ናይቲ ምስኡ ዚተሓሓዝ ግዝኣታዊ ማያትን ሕዙእ ቍጠባዊ ዞባን ዚመጣጠን ኣይኮነን።

ብሓቂ፡ ሓንቲ ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር መተሓላለፊ ኮረደዮን ኣፍደገ ባሕርን ኪትውንን ጽቡቕ ኢዩ። ይኹን'ምበር፡ ዚኾነት መተሓላለፊት ሃገር ልዑላውነታን ግዝኣታዊ

ምሉእነታን ብፍታው ኣሕሊፋ ኪትህብ ምጽባይ፡ ተኽእሎኡ ከምቲ "ድሌታት ኣፍራስ እንተ ዚኸውኑ ነይሮም፡ ለመንቲ ምተወጥሑዎም ነይሮም" ዚብል ምስላ ኢዩ። ክንዲ ዚኸውን፡ ኤርትራ፡ ጂቡቲን ሶማልያን ንጠለብ ኣቢይ ብንጹር ነጺገንኦ ኢየን።

ዋንነት ወደብ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ፡ ከምቲ ኣቢይ ብሸፈጥ ዚገልጾ፡ ህላዌኣዊ ተደላይነት ዘለዎ ይኹን ዕንቅፋት ንልምዓት ኢትዮጵያ ከም ዘይኮነ ከስምረሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ኢትዮጵያ ካልኦት ኣማራጺታት ኣለዉዋ፤ ኣብዘን ዚሓለፋ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመታት እውን ኪትጥቀመሎም ጸኒሓ ኣላ። ንውሽጣዊ ጠንቅታት ድሕረት ኢትዮጵያ ግዳማዊ መመኽነይታ ምንዳይ ኰነ ካብቲ ሓቂ'ቲ ኣቓልቦ ንምጥምዛዝ ምፍታን፣ ግጉይ፡ ኪኖ ኣፍንጫ ዘይርኢ ፖለቲካን ኣንጻራዊ ውጽኢት ዚህሉዎን ኢዩ። ብታህዲድ ወይ ዝውታረ ሓይሊ ዋንነት ንምጥራይ ዚግበር ዚኾነ ፈተነ፡ ከም ሓደገኛ ጠላዕ ምጽዋት ኢዩ ዚኸውን። ዚኾነት መተሓላለፊት ሃገር፡ ብኽምዚ ዓይነት ነውራም ጥሕሰት ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ገታር ግህሰት ናጽነታ፡ ልዑላውነታን ግዝኣታዊ ምሉእነታን ኣይከተፍቅድን ኢያ። ከምዚ ዓይነት ወራር ግድን ድርብ ዚብልሑ ሴፍ ከይኑ፡ ተመሊሱ ንኢትዮጵያ ዘዕኑን ዚበታትንን ኪኸውን ከም ዚኽእል ምግንዛብ የድሊ።

ብመንጽር'ቲ ህሉው ሃገራውን ዘባውን ዳይናሚክስ ኪርአ እንከሎ፣ እቲ ብሓድሽ ኢምጰራጦርያዊ ህርፋን ዚድፋእ ኣጀንዳ ኣቢይ ሃልወሳውን ሓደገኛን ምዃኑ ኣይሰሓትን። እቲ ንዕኡ ዚድርኽ፡ ኣብ ክሊ'ቲ ኣዝዩ ጕዱኢ ኤትኒካዊ ፖለቲካ ኢትዮጵያ "ንኢትዮጵያ ምግዛእን ነቲ ዞባ ምዕብላልን ተራና እዩ" ዚብል ሓውሲ ጕልቡብ ምህለላ፡ ንኢትዮጵያ ኰነ ነተን ናይ ቀረባ ጐረባብታ መዓት ዚድግስ ሓደጋ ኢዩ። ኣቢይ ነቲ "ክንገዝእን ክንዕብልልን ተራና ኢዩ" ዚብል ትረኻ ኤትኒካዊ ጕጅለኡ ከስገድዶ ይኽእል ዶ ኣይክእልን ኰነ ኣብ ልዕሊ'ተን ጐረባብቲ ሃገራት ወራር ኪፍጽም ኪፍቀደሉ ዲዩ ኣይኪፍቀደሉን፡ ኣብ መልሰ-ግብሪ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዚምርኰስ ጕዳይ ኢዩ። እቲ ነቲ ዓብን እናወሰኸ ዚኸይድን ብዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ደጋጊሙ ከም መፈራርሒ ምጥቃሱ፡ ነተን ብስፍሓት መሬትን ብዝሒ ህዝብን ካብ ኢትዮጵያ ዝንእሳ ኤርትራ፡ ጂቡቲን ሶማልያን "ሓደጋ ወረርቲ ዕስለታት ክፍንወልክን እየ" ዚትሕዝቶኡ እሙት ታህዲድ ምዃኑ ኣይሰሓትን።

እዚ ድሮ ተራእዩ ኢዩ (déjà vue)። ሂትለር ኣብ ጀርመንን ኣብ ኤውሮጳን ፈቲኑዎስ፣ ንጀርመን፡ ንኤውሮጳን ንዓለምን መዓት መቐዘፍትን ዕንወትን ኣስዒቡሎም ኢዩ። እቶም ቀቅድሚ ኣቢይ ዚነበሩ መራሕቲ ኢትዮጵያ - ሃጸይ ሃይለስላሴ፡ ኮሎኔል መንግስቱን ቀዳማይ ሚኒስተር መለስን - ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ጐበጣን ወራርን ፈቲኖም፡ ፈሺሎም ኢዮም። እቲ ኣዝዩ ድኹም፡ ብጭንቀት ዚተዋሕጠ፡ እናበኣሰ ብዚኸይድ ዓሌትነት ወይ ኤትኒሲቲ ዚልለ ስርዓት ኣቢይ ተመሳሳሊ ዕድል (ስዕረት) ከም ዘጋጥሞ ታሪኽ ይምህር። ስለዚ፡ ካብቶም ዚሓለፉ ጕድኣታዊ ፍሽለታት ናይ ዙፋን ኣቦታቱ ኪመሃር፡ ነቲ ፋይዳ-ኣልቦ ግን ከኣ ኣዕናዊ

ኣጀንድኡ ዳግም ኪሓስበሉ፡ ነቲ ኣስፋሕፋሒ ውጥኑ ኪቐልብስ ከድሊዮ ኢዩ። ህድእ ኢሉ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን እተን ካልኦት ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዚርከባ ሃገራት ጂቡቲን ሶማልያን ግዝኣት ናይ ምስፍሕፋሕን ባሕሪ ናይ ምውናንን ሃልወሳዊ ጥሙሑ ልጓም ኪገብረሉ ከድሊዮ ኢዩ።

### 3. ትዕቢት ድንቍርና

እቲ ኣቢይ ንኣኹሱም፡ ራእሲ ኣሉላን ሃይለስላሴን እናጠቐሰ ዘቕረቦ ግጉይን ሃንዳፍን ጠለብ ቀይሕ ባሕሪ ከም ባህርያዊ ዶብ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ብዛዕባ ታሪኽ ኣኹሱምን ኤርትራን ዘለዎ ፍጹም ድንቍርና የመልክት። እቲ ቀይሕ ባሕሪ ባህርያዊ ዶብ ኢትዮጵያ የቐውም ዚብል መግለጺኡ ኰነ እቲ ኤርትራ ባህርያዊት ኣካል ኢትዮጵያ ተቐውም ዚብል ኣመቱ ብርኡይ ስሕተት ኢዩ። ነገሩ "ኪበልዑዎ ዚደለዩ ኣባ ጕንባሕ ዛግራ ይብሉዎ" ኢዩ። እቲ ኲናት ዚጽሕትር መግለጺ ኣቢይ ሓደገኛ ሳዕቤናት ከኸትል ዘይክእል እንተ ዚኸውን ነይሩ፣ እቲ ኣታላሊ ጠለባቱ ከም ዕሽላዊ ምህዞ ናይቲ ሃርጋፍ ሕልሙ ተራእዩ፡ ዕሽሽ ተባሂሉ ኪሕለፍ ምተኻእለ ነይሩ። ብወግዒ በቶም መንግስታዊ መራኸቢ ብዙሃን ኢትዮጵያ ይኹን በቶም ማሕበራዊ መራኸቢ ብዙሃን ናይቶም ደገፍቲ'ቲ ስርዓት ይሰራጮን ብብዝሒ ይደጋገምን ስለ ዘሎ ግን፣ እቲ "ሓሶት እንተ ተደጋገመ ሓቂ መታን ከይመስል"፣ ኣስዒቡ፡ ንዕኡን ንመሰልቱን ሓጺር ጽማቚ መባእታዊ ታሪኽ ኤርትራ (Eritrean History 101) ኣወፍየሎም።

### 4. ንግስነት ኣኹሱምን ኤርትራን

መሬት ዘመናዊት ኤርትራ፡ ምስታ 40 ኪሜ ደቡብ ካብ ምጽዋዕ ተደኲና ዚነበረት ጥንታዊት ወደብ ኣዱሊስ፡ መበቌልን ጆኦግራፍያዊ ማእከልን ንግስነት ኣኹሱም የቐውም ነይሩ። ኣብቲ ስልጣኑ ኣብ ዚለዓለ ጥርዙ በጺሑሉ ዚነበረ 4ይን 5ይን ዘመናት፡ ንግስነት ኣኹሱም ክንዮ'ዛ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ክሳብ ሰሜናዊ ሱዳን፡ ደቡባዊ ምስሪ (ግብጺ)፡ ደቡባዊ ስዑድ ዓረብያ፡ የመን፡ ጂቡቲ፡ ሰሜን-ምዕራባዊ ሶማልያ ተዘርጊሑ ነይሩ(5)። ይኹን'ምበር፡ ኣብ 7ይ ዘመን ስልጣንን ጽልዋን ኣኹሱም "ከም ቀጥታዊ ሳዕቤን ወራር ዓረብ ኣብ ልዕሊ ምስሪ" ነቶም ኣብ ምብራቕ ምስሪን ሰሜናዊ ሱዳንን ዚነበሩ ቀቢላታት በጃ ብሓይሊ ናብ ደቡብ ገጾም ደፊኦም ነቶም ድሮ ኣብ ሰሜናዊ ከበሳን ጐላጐል ባርካን ሰፊሮም ዚነበሩ ኣዝማዶም ናብቲ ማእከላይ ከበሳ ናይዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ ደፊኦሞም (6)።

ወራር በጃ፡ ምስቲ ዚሰዓበ ቅልጡፍ ዝርጋሐ ምስልምና ናብቲ ቦታታት ገማግም ቀይሕ ባሕርን፡ ምዕናው ኣዱሊስ ኣብ 710 ድ.ል.ክ.ን ተደሚሩ፡ ንኣኹሱም ካብ ኣፍደገ ቀይሕ ባሕሪ ኣርሒቑ ነጺሉዋ። እዚ ፍጻሜታት'ዚ ንባሕራዊ ንግዳ ዘሪጉ ምንቍልቋል ንግስነታ ኣቀላጢፉ። ውድቀት ኣኹሱምን ገማግም ቀይሕ ባሕርን ኣብ ኢድ ናይቲ ዘስፋሕፍሕ

ዚነበረ ምስልምና ነቶም ክርስትያን ኣኹሱማውያን ናብ ደቡብ ገጾም ከንሳሕቡ ብምቕሳብ፡ ካብ ኵሉ ተገሊሎም ኣብቲ ዘዕቑቦም ከበሳታት ኣቢሲንያ ምስ ሰፈሩ፣ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ተመሊሶም ኣይፈልጡን። ሓንሳብ ምስ ኣንቈልቈለት፡ ኣኹሱም ፈጺማ ኣይተሰአትን። ካብ ውድቀት ኣኹሱም ክሳብ ኣጋ መወዳእታ መበል 13 ዘመን (1270)፡ "መላእ ኤርትራ ጌና ኣብ ትሕቲ ናይ በጃ ኮንፈደራሲ ይመሓደር ነይሩ" (7)።

ድሕሪ ናይ ሓደ ዘመን ምፍንጫል፡ ማእከላይ ከበሳ ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ መበል 15ን 18ን ዘመናት (8)፡ ሕመረት ምድረ ባሕሪ ኰይኑ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ባሕሪ ነጋሲ (9) ልዑላውነት ነይሩዎ። ሽሕ'ኳ ኣብቲ እዋን "ዘመነ መሳፍንቲ ኣቢሲንያ" ነቲ ታሪኻዊ ዶብ ምድረ ባሕርን ኣቢሲንያን ዘቕውም መስመር መረብ-በለሳ-ሙና (10) ዚሰግር ተደጋጋሚ ሓድሕዳዊ ወራራት እንተ ነበረ፣ እቲ ንግዝኣት ዘመናዊት ኤርትራ ዘቕውም ማእከላይ ከበሳ፡ ሰሜናዊ ከበሳ፡ ምዕራባዊ መታሕትን ምብራቓዊ ጐላጕልን (ገማግም ባሕሪ) ካብ ኣቢሲንያ ዚተፈልየ ኢዩ ነይሩ (11)። ጀይምስ ብሩስ፡ እቲ ኣብ 1770 ንምንጪ ሰማያዊ ኒል ኣብ ቀላይ ጻና ንምርካብ ካብ ምጽዋዕ ዚተበገሰ ስኮትላንዳዊ ዳህሳሲ፡ "ምድረ ባሕሪን ኣቢሲንያን ብቐጻሊ ኣብ ናይ ሓድሕድ ኲናት ዚተጸምዳ ብንጹር ዚተፈላለያ ፖለቲካዊ ኣሃዱታት ከም ዚነበራ" (12) ይጽብጽብ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብቲ ቀጥታዊ ቅድመ-መግዛእታዊ እዋን፡ መሬት ምድረ ባሕሪ፡ ብሰሪ ውሽጣዊ ዳይናሚክስን ግዳማዊ ዓመጽን፡ ኣብ ካልእ ወቕቲ ናይ ምፍንጫል ወደቐ። ኣብ ምብራቕ፡ እታ ኣብ 1557 ንምጽዋዕን ሕርጊጎን ዚተቈጻጸረት ዑስማናዊት ቱርኪ (13)፡ ነታ ወደባዊት ከተማን ገማግማዊ ጐላጕልን፡ ክሳብ'ቲ ኣብ 1872 (14) ናብ ኽዲቫዊት ምስሪ ዚሰጋገር፡ ጐቢጣቶ ጸንሐት። ብተወሳኺ፡ ኽዲቫዊት ምስሪ ንጋብላ ጋሽ-ሰቲት ወሪራ፡ ንዘባ በጎስ ጐቢጣ፡ ኣብ መፋርቕ 1880ታት ኣብ ከረን ዕርዲ መስሪታ ንማእከላይ ከበሳ ወረረት (15)።

> **ኣብቲ ካብ ውድቀት ኣኹሱም ኣብ 8ይ ዘመን ክሳብ ፈደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ 1952 ዚዝርጋሕ መዋእል፡ ዚኾነ ኣቢሲንያዊ መራሒ ይኹን ወራሪ፡ እንተላይ ራእሲ ኣሉላ፡ ንመላእ ምድረ ባሕሪ ዓብሊሉ ይኹን ገማግም ቀይሕ ባሕሪ በጺሑ ኣይፈልጥን ኢዩ።**

ብሸነኽ ደቡብ፡ ኣቢሲንያውያን ንማእከላይ ከበሳ ወሪሮም ኣንጻር ምስራውያን ተዋጊኦም ንሰሜን ገጾም ደፍኡ (16)። ሽዑ ራእሲ ኣሉላ ንራእሲ ወልደሚካኤል ኣታሊሉ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ብምእታው ቀንዲ መደበሩ ኣብ ኣስመራ ተኸለ (17)። ኢጣልያ ኣብ 1869 ኣብ ወሸመጥ ዓሰብ፡ ኣብ ጠረፍ ናይቲ ደቡባዊ ጫፍ፡ መራግጽ (foothold) መስሪታ (18)፡ በቶም ብተኸእሎ ፈረንሳዊ ምስፍሕፋሕ ካብ ጂቡቲ ናብ ኤርትራ ዚተሻቐሉ ብሪጣንያውያን ተተባቢዓ፡ ወራር ብምቕጻል ኣብ 1890 ንምልእቲ ኤርትራ ጐበጠት።




ካርታ *1:* ሓርፋፍ ስእሊ ዝርጋሐ ንግስነት ኣኹሱም፡ ፯ይ ዘመን *(underlying map © Google)*

ታሪኻዊ መርትዖ እምበኣርከስ፡ ንብዙሕ ዘመናት ዚጸንሐ ህላወ ምድረ ባሕሪ፡ ከም ነብሳ እተመሓድር ፖለቲካዊት ኣሃዱ፡ ናጻ ካብ ኣቢሲንያ፡ ግን ከኣ፡ ኣብ ቀጻሊ ግጭት ምስ ኣቢሲንያ ከም ዚነበረት የረጋግጽ። ኣብቲ ካብ ውድቀት ኣኹሱም ክሳብ ምጽኣት ኤውሮጳዊ

ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዚዝርጋሕ ዓሰርተው ሓደ ዘመናት፡ ኣብ ኣቢሲንያ ሓያሎ ተወዳደርቲ ንግስነታት ኪትስኣን ኪወድቃን ተራእየን ኢየን። ይኹን'ምበር፡ ዚኾነት ካብተን ተወዳደርቲ ንግስነታት ናይቲ መዋእል'ቲ ኵነ ዚኾነት ዘመናዊት ሃገር ናይዚ እዋንና ንነብሳ ከም ቀጥታዊ ወራሲት ናይ ንግስነት ኣኹሱም ከተቐርብ ዚኾነ ርትዓዊ መመኽነይታ የብላን። ዋላ ሓንቲ ካብአን'ውን፡ ብሓቂ፡ ርትዒ ሒዛ ኣብ ልዕሊ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ቍጽጽር ይኹን ስልጣን ነይሩኒ ኪትብል እትኽእል ጥንታዊት ትኹን ዘመናዊት ሃገር የላን። ኣብቲ ካብ ውድቀት ኣኹሱም ኣብ 8ይ ዘመን ክሳብ ፈደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ 1952 ዚዝርጋሕ መዋእል ናይ ዓሰርተው ክልተ ዘመናት፡ ዚኾነ ኣቢሲንያዊ መራሒ ይኹን ወራሪ፡ እንተላይ ራእሲ ኣሉላ፡ ንመላእ ምድረ ባሕሪ ዓብሊሉ ይኹን ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ በጺሑ ወይ ረጊጹ ኣይፈልጥን ኢዩ።

5. **ኣመሰራርታ ኤርትራን ኢትዮጵያን**

ብሓጺሩ፡ ግዝኣት ዘመናዊት ኤርትራ ኣብ መንጎ መፋርቕ መበል 16ን ኣጋ መወዳእታ መበል 19ን ዘመናት ተፈናጭሉ ኢዩ ጸኒሑ። ምድረ ባሕሪ ግዳይ ጐበጣ ዚተፈላለዩ ክፋላት ግዝኣታ ብዑስማናዊት ቱርኪ (1557-1872)፣ ብኽዲቫዊት ምስሪ (1872-1885)፣ ብኢጣልያ (1869-1889)፣ ብኣቢሲንያ (1876-1887) ኰይና ተመቓቒለት። ጐበጣ ኢጣልያ ኣብ 1890 ግዝኣታዊ ውህደት ኤርትራ ኣምጺኡ። ስዒቡ፡ ኤርትራ ኣብ ትሕተ ኢጣልያዊ ባዕዳዊ መግዛእቲ (1890-1941)፣ ብሪጣንያዊ ወተሃደራዊ ምምሕዳር (1941-52)፣ ፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ (1952-1962)፣ ኣብ መወዳእትኡ ድማ፡ ብጐበጣ ኢትዮጵያ (1962-1991) ተሰቒያ።

ኣብ መንጐኡ፡ ኣብቲ መጀመርታ ናይ ኤውሮጳዊ ባዕዳዊ ምሽማው ንኣፍሪቃ፡ ኣቢሲንያ ከም ግዳይን በደለኛን ናይ መግዛእታዊ ወራር፡ ስግንጢራዊ ተራ ተጻወታ። ንመግዛእታዊ ወራር ኢጣልያ ብዓወት መኪታ ከተብቅዕ፡ ተገምጢላ፡ ንጐረባብቲ ህዝብታት ወሪራ ጐበጠት። ኣብ 1896፡ ንወራር ኢጣልያ ኣብ ውግእ ዓድዋ ብምፍሻል ዓቢ ቅያ ፈጺማ። እቲ ታሪኻዊ ዓወት ዓድዋ "ድሕር'ቲ ኣብ እዋን ሃኒባል ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ኤውሮጳዊት ሃገር ዚተመዝገበ ቀዳማይ ኣፍሪቃዊ ዓወት ኢዩ" ተባሂሉ ይቐርብ ኢዩ (19)። ግደ ሓቂ ግን፡ እቲ ቀዳማይ ዓወት ኣፍሪቃዊ ሰራዊት ኣብ ልዕሊ ወራሪ ኤውሮጳዊ ሰራዊት፡ እቲ ማህዳዊ ሰራዊት ሱዳን ኣብ ልዕሊ'ቲ ብጀነራል ጎርዶን ዚተመርሐ ብሪጣንያዊ ሰራዊት ኣብ ኻርቱም፡ ኣብ ጥሪ 1885፡ ዚተመዝገበ ዓወት ምዃኑ ምጥቃስ ግቡእ ኢዩ።

መግዛእታዊ ወራር ኢጣልያ ድሕሪ ምፍሻል፡ ኣቢሲንያ፡ ምስ መግዛእታዊ ሓይልታት ኤውሮጳ ውዲት ብምግባር ኰነ ንሓድሕዳዊ ውድድራቶም ብጐርሒ ብምምዝማዝ፡ ዘይኣቢሲንያዊ ግዝኣታት ብሓይሊ ንምሓዝ ተኽታታሊ ኲናታት ብምክያድ ኣስፋሕፊሐት። ምውናን "ዓቢ ብዝሒ ዘመናዊ ኣጽዋር"፡ ኣብ መጀመርያ ካብ ኢጣልያ፡ "መፈለምታ ሃጸይነት መነሊክ ኣኽኢሉ"፡ ዳሕራይ ድማ ካብ ፈረንሳ፡ "መፈጸምታ ሃጸይነቱ ኣኽኢሉ"። እዚ ድማ

መነሊክ፡ ንጉስ ሸዋ፡ ኣብ 1889 ከም ሃጸይ “ኣብ ኣቢሲንያ ማእከላይ ስልጣን” ንምጭባጥ፣ “ግዝኣታት” ብሓይሊ ንምሓዝ፣ “ንንግስነት ሸዋ” ናብ “ሃጸይነት ኢትዮጵያ” ንምቕያር ኣኽኢሉዎ። እቲ ኣብ ምዕራብ፡ ደቡብን ደቡባዊ ምብራቕን ናይታ ሃገር ብሓይሊ ዚተታሕዘ “ግዝኣታት” ነቲ ህዝብታት ዓፈር፡ ኣንዋክ፡ በኒ ሻንጉል፡ ቦራና፡ ጋምቤላ፡ ጉራጌ፡ ኦሮሞ፡ ኮንሶ፡ ሲዳማ፡ ሶማሊ፡ ወላሞ፡ ወላይታ ዚነብሩሉ መሬት የጠቓልል (20)። ምስ መፈጸምታ ወራራት መነሊክ ኣብ 1910፡ ኣቢሲንያ ኢትዮጵያ ተባሂላ፡ ነዚ ናይ ሎሚ ጂኦፖለቲካዊ ቅርጻን ኣህጉራዊ ዶባታን ኪትሕዝ እንከላ፡ ኤርትራ ድሮ ኣብ 1890፡ ማለት 20 ዓመታት ቀድሚ ኢትዮጵያ፡ ዚተደኰነት መግዛእታዊ ሃገር ኰይና ጸኒሓ።

ስለዚ እምበኣርከስ፡ ቅድሚ ምጽኣት መግዛእታዊ መዋእል በዚ ናይ ሎሚ ጂኦፖለቲካዊ ኣቀዋውማታተን ህሉው ዶባተንን ዚፍለጣ ኢትዮጵያ ኰነ ኤርትራ ዚበሃላ ሃገራት ከም ዘይነበራ ጉሉሕ ኢዩ። እዚ ህሉው ጂኦፖለቲካዊ ኣቀዋውማታት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ልክዕ ከምቲ ናይታ ተምሳላዊት ወይ ቅድመ-መርኣያ ዘመናዊት ኣፍሪቃዊት ሃገር፡ ብጠንቂ’ቲ ብመግዛእታዊ ሓይልታት ኤውሮጳ ዚተፈጸመ ምጕዝዛይ ኣፍሪቃ ዚተወሰነ ኢዩ። መግዛእታዊ ምጕዝዛይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንህሉው ጂኦፖለቲካዊ ኣቀዋውማ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጥራይ ዘይኰነ፡ እንተላይ ነቲ ናይቲ መላእ ዞባ ቀርኒ እፍሪቃ መልክዕ ከትሕዝ እንከሎ፣ እቲ መግዛእታዊ ውዕላት ድማ ነቲ ኣህጉራዊ ዶባተን ደሪቱ።

## 6. ኣቀዋውማ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን

ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሰለስተ መግዛእታዊ ውዕላት ዚተደረተ ኣስታት 1,000 ኪሜ ዚንውሓቱ ናይ ሓባር ዶብ ኣለወን። እቲ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኢጣልያን ስምምዕ ዚተገብረሉ ውዕል 1900 ነቲ ማእከላይ ክፋል ናይቲ ዶብ ይሕንጽጽ (21)። እቲ ኣብ መንጎ ኢጣልያ፡ ኢትዮጵያን ዓባይ ብሪጣንያን ስምምዕ ዚተገብረሉ ውዕል 1902 ጥብቆ ናይ ውዕል 1900 ኰይኑ፣ ነቲ ማእከላይ ክፋል ናይቲ ዶብ ከይተንከፈ ከም ዘለዎ ገዲፉ፡ ነቲ ምዕራባዊ ክፋል ናይቲ መስመር ውዕል (Treaty Line) የመሓይሽ (22)። እቲ ኣብ መንጎ ኢጣልያን ኢትዮጵያን ስምምዕ ዚተገብረሉ ውዕል 1908 ነቲ ምብራቓዊ ክፋል ናይቲ ዶብ ይድርት (23)።

በዞም ሰለስተ መግዛእታዊ ውዕላት ምስ ተደረተ፡ እቲ ናይ መግዛእታዊ ውዕል ዶብ ብግብርን ብሕግን ኣህጉራዊ ቍመንኡ ዓቂቡ ጸኒሑ፣ ኤርትራ ድማ፡ ኣብቲ እዋን ምእዋጅ ናጽነታ፡ ከም ዘለዎ ወሪሳ ባሪኻቶ። ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራን ምጽንባር ኤርትራ ናብቲ ኮም ናይ ናጻ ሃገራትን፡ ብመሰረት ውዕላዊ ሕጊ፡ ብጹእነት ናይቲ መግዛእታዊ ውዕል ዶብ ኣጽዲቑ። ብጹእነት ናይ መግዛእታዊ ውዕል ዶብ ምስ ኣህጉራዊ ልምዳዊ ሕጊ ኰነ ምስቲ ናይ ኣፍሪቃዊ ሕብረት መትከል ዘይተጋሃስነት ናይቶም ኣብ እዋን ናጽነት ዚውረሱ መግዛእታዊ ዶባት ዚሰማማዕ ኢዩ።

## 7. ኤርትራዊ መንነትን ሃገርነትን

ኢጣልያ ነቲ ክሳብ ሽዑ ተፈናጭሉ ዚነበረ ግዝኣትን ዚተፈላለየ ህዝብን ብሓባር ኣብ ትሕቲ ሓደ ማእከላይ ምምሕዳር ኣምጺኣቶ። ሕቡር መግዛእታዊ ኣሃዱ መስሪታ። ኣብታ ሰፈራዊ ግዝኣት ኢጣልያ (Italian settler colony) ኪትከውን ዚተበየነላ ኤርትራ፡ ኣገልግሎት ንምውዳድ ዚዓለመ መርበብ ናይ ዘመናዊ ከተማዊ፡ ኢንዳስትርያዊ፡ መጕዓዝያን መራኸቢታትን ትሕተቅርጺ ሃኒጻ። ምትእትታው ናይ ሓደስቲ ረቛሒታትን ዝምድናታትን ማእቶት ሓደስቲ ማሕበራዊ ሓይልታት ፈጢሩ። ተቓውሞ ንኢጣልያዊ መግዛእታዊ ጭቈናን ነቲ ስርዓታዊ ዓሌትነቱን ሓባራዊ ሃገራዊ መንነት ኰስኲሱ፡ ኤርትራዊ ሃገራውነት ኣንበድቢዱ። ተመኩሮ ናይ ሓባር ጭቈና ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ምዕባለ ናይ ሓባር ስነኣእምሮኣዊ ኣቀዋውማን ፍሉይ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነትን ኣጎንፊዑ (24)። ርእሰ-ምምሕዳራዊ ኤርትራዊ ታሪኽ ምስ ስልጡን ኤርትራዊ ባህሊ ተደሚሩ፡ ፍሉይ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ደሪዑ።

መቐጸልታ ኢጣልያዊ ሜላ ጭቈናን ዓሌታዊ ኣድሉዎን ኣብ ትሕቲ ብሪጣንያዊ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ንሃንቀውታ ኤርትራውያን ንናጽነት ብዝያዳ ኣበርትዖ። መጐት ናይ መግዛእታዊ ጭቈናን ህዝባዊ ተቓውሞን ንቐሓት ናይ ሓባር ኵነትን ንኹሉ ኤትኒካዊ፡ ቋንቋዊ፡ ሃይማኖታውን ዘባውን ምትእስሳር ዚሰገረ ጠማሪ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነትን ፈጢሩ። እቲ ንልዕሊ ሓደ ዘመን ዚተኻየደ ሓባራዊ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ተቓውሞ ፍሉይ ኤርትራዊ መንነት ኣደልዲሉ፣ ኤርትራዊ ሃገራውነት ኣትሪሩ፣ ንሃጸያዊ ኢትዮጵያዊ ዕብለላ ስዒሩ። ጽንዓት፡ ብርታዐን ሓቦን ኤርትራዊ ሃገራውነት ንጐበጣ ኢትዮጵያን ኣህጕራዊ ተሓባበርቱን ብዓወት መኪቱ መሰል ርእሰ-ውሳኔ ጨቢጡ። ናጽነት ኤርትራ ንጕዳይ ግዝኣታዊ ምሉእነትን ኣህጕራዊ ዶብን ኤርትራ ሓንሳብ ንሓዋሩ መዕለቢ ገይሩ።

## 8. መንገዲ ነባሪ ሰላም

ግቡእነት መሰል ርእሰ-ውሳኔ፡ ልዑላዊ ሃገርነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ዚተመርኰሰን ኣብ ኣህጕራዊ ሕጊ ዚተመስረተን ኢዩ። ነባሪ ሰላም ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን፡ ኢትዮጵያ፡ እንተላይ ልሂቃን ትግራይ፡ (1) ናጽነት፡ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ኤርትራ (2) ብጹእነት መግዛእታዊ ውዕል ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከኽብሩ ይጠልብ። ነባሪ ሰላም ኣድላዪ መሰረት ንተሓባባሪ ዝምድናታት ክልቲአን ሃገራትን ሓባራዊ ብልጽግና ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኢዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት ንምጭባጥ ማእለያ ዘይብሉም መስዋእትታት ከፊሉ። ልዑላዊት ኤርትራ ውህሉል ሓባራዊ ዓወት ናይ ጻዕሪ፡ ረሃጽን ደምን ናይ ወለዶታት ኤርትራውያን ኢያ፣ ህልውቲ ኰይና ኪትነብር ድማ ኢያ። ብዘቤታዊ ሽግር እናተሳቐየ ይነብር ይሃሉ'ምበር፡ ህዝቢ

ኤርትራ ናጽነት፡ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገሩ ንምክልኻል ዘለዎ ቈራጽነትን ዓቕምን ኣመስኪሩ ኢዩ። እንደገና፡ ከምኡ ኪከላኸል ኪግደድ ግን ኣይግባእን። ክንየው ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ፍትሒ ይደሊ፡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሕጊ ብሰላም፡ ናጽነትን ራህዋን ኪነብር ሃንቀው ይብል ኣሎ።

እዘን ናይ ሎሚ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ኣቀዋውማ ናይቲ ሓባራዊ ዶብን ዚኾነ ተራ ኣይነበረንን። ክልቲአን ሃገራት ነቲ መግዛእታዊ ውዕል ዶብ ወሪሰንኦ ኢየን። ስለዚ፡ ኢትዮጵያ ንመትከል ዘይተተንካፍነት መግዛእታዊ ዶባት (*uti possidetis juris*) ብዘየወላውል ኪትቅበልን ነቲ ኣህጕራዊ ዶብ ኤርትራ ብከምቲ ብመግዛእታዊ ውዕላት ዚተደረቶ ዘይኩነታዊ ተፈላጥነት ከተረጋግጽን ግዴታ ኣለዋ። ስርዓት ኣቢይን ምእዙዛት ኣገልገልቲ ሰልፉ ብልጽግናኡን፡ ነቲ ክሳብ ለይቲ ሎሚ መቓልሑ ዚቕጽል ዘሎ ኣሉታዊ ስንብራት ናይቲ ጐድኣታዊ ሳዕቤናት ናይቲ ቀዳማይ ኣሉታዊ ፈተነ ናይቲ ቀቅድሚኦም ዚነበረ መንግስቲ ኪዝክሩን ከስተውዕሉን ይግባእ። መዓስ ኢዮም ኪመሃሩ?

ቅልጡፍ ትግባረ ስምምዓት ኣልጀርስ፡ ኣካላዊ ምኽላል ወይ ምምልካት ናይቲ ሓባራዊ ዶብ ብመሰረት መምርሒታት ምምልካት ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ምስ ተክኒካዊ ደገፍ ካርቶግራፍያዊ ኣሃዱ ሕቡራት ሃገራት፡ ኲናት ንምውጋድን ሰላም ንምህናጽን ህጹጽ ኣገዳስነት ኣለዎ። ኣካላዊ ምምልካት ዶብ፡ ኣብ መንጎ ካልኦት ነገራት፡ ቀባጸት ቀጻሊ ግዝኣታዊ ህርፋን ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ይኹን ገለ ክፋላት ኤርትራ ዘምልክት ይኸውን።

ተመክሮ ኤርትራ ምስታ ኢትዮጵያ ናይ ሃጸይ ሃይለስላሴ፡ ናይ ኮሎኔል መንግስቱ፡ ናይ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ፡ ሕጂ ድማ ናይ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ፣ ብልሂቃን ናይ ሓንቲ ኤትኒካዊ ጕጅለ እትዕብለል ኢትዮጵያ ንሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ህላዌኣዊ ስግኣት ከም እትኸውን የረጋግጽ። ክንዲ ዚኾነ፡ ምውሓስ ነባሪ ሰላም ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ ክልቲአን ሃገራት፡ ምምስራት ናይ ንጹጋፉ ኣበክቶ ርእሰ-ምምሕዳራዊ በርጌሳዊ ማሕበራት ቦታ ዘፍቅድ ሓቛፊ ደሞክራስያዊ ስርዓታት ይጠልብ።

ካብቲ ኣበረኛ ዕንክሊል ናይ ባዶ-ድምር ጸወታታትን ሕነታት ምፍድዳይን ብምውጻእ ኲናት ንምውጋድን ሓድሽ መዋእል ናይ ዕርቂ ንምጅማርን፡ ተባዕ ስጕምትታት ምውሳድ የድሊ። እዚ ድማ፡ ኣብ ሃገራዊ፡ ክልተኣውን ዘባውን ጽፍሕታት፡ንሰላማዊ ሓባረ-ህላወን ተሓባባሪ ዝምድናታትን ምቹእ ኲነታት ዚፈጥር፡ ሓድሽ ደሞክራስያዊ ኣከያይዳ ንምምጻእ ዚተወፈየ፡ ዳግመ ስርርዕ ገስገስቲ ሓይልታት ንምስሳን የኽእል። ሓንሳብ ምስ ተመስረታ፡ ደሞክራስያዊት ኤርትራን ደሞክራስያዊት ኢትዮጵያን ዝምድናታተን ምሉእ ብምሉእ ናብ

ንቡር ኪመልሳ፡ ትካላዊ ኣገባብ ከትሕዛ፡ ንተመላላእነት ቍጠባታተን ብምጥቃም ምእንቲ ረብሓ ክልቲኡ ህዝብታተን ኣብ ዕቱብ ምትሕብባር ኪኣትዋ ምኽኣላ።

## 9. ዋንነት ጾ መሰል ተጠቃምነት

ኣቢይ ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ይብጽሓኒ ኢዩ ብምባል፡ ንዕኡ ንምርካብ ንወለዶታት ኪዋጋእ ምኺኡ ተመባጺዑ ኣሎ። እቲ ሃንዳፍ ጠለቡ ሓድሽ ነገር ኣይኰነን። ነቲ ኦሪታዊ ትረኻ ናይ ሓድሓደ ባእታታት ናይቶም ግቡእነት ልዑላዊ ናጽነት ኤርትራ ዚነጽጉን በቲ ክዉንነት ናይ ናጻ ኤርትራ ዘስቈርቍሩን ልሂቃን ኢትዮጵያ ዘቃልሕ ኢዩ። እዚ ድማ፡ ምስቲ ኣብ ብሉይ ታሪኽ፡ ጂኦግራፍያዊ ረቛሒ፡ ኤትኒካዊ ወይ ባህላዊ ተመሳሳልነት ብምምርኳስ፡ ንኤርትራ ንምዕብላልን ኣፍደገ ቀይሕ ባሕሪ ንምርካብን ዚህውትት ብሉይ ትረኻታት ናይ "ዓባይ ኢትዮጵያ"ን "ዓባይ ትግራይ"ን ዚሰማማዕ ኢዩ። እቲ ዚቐረበ ጠለብ ናይ መሰል ተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕርን ናጽነት ምትሕልላፍን ዘይኰነስ፡ ጠለብ ዋንነት ኢዩ። እዚ ድማ፡ ንናጽነት፡ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ኤርትራ ህላዌኣዊ ስግኣት፣ ንሰላም፡ ግስጋሰን ድሕንነትን ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ድማ ኣስጋኢ ሓደጋ ኢዩ።

ጠለብ ኢትዮጵያ ንመሰል ኣፍደገ ባሕሪ ግቡእን ግዳማዊ ንግዳ ንምስልሳል ኣድላይን ኢዩ። እቲ ኩነትን ቀጥዕን ተጠቃምነት ኰነ ምትሕልላፍ ምስ ሓንቲ ወይ ኩለን ኣፍደገ ባሕሪ ዘለወን ጐረባብታ ኣብ ኣህጕራዊ ሕጊ ብዚተመስረተ ክልተኣዊ ልዝብ ኣብ ስምምዕ ምብጻሕ ይከኣል ኢዩ። ውዕል ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሕጊ ባሕሪ (ዓንቀጽ 125) (25) ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ብግዝኣት ናይተን መተሓላለፍቲ ሃገራት ኣቢለን መሰል ምርካብ ኣፍደገ ባሕርን ናጽነት ምትሕልላፍን ከም ዘለወን፣ እዚ መሰል'ዚ ኣብ መንጎ እተን ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራትን መተሓላለፊ ሃገራትን ኣብ ስምምዕ ብዚተበጽሓሉ ኣገባብን ቅጥዕታትን ኪኸውን ከም ዘለዎ፣ እተን መተሓላለፊ ሃገራት ኣብ ልዕሊ ግዝኣተን ምሉእ ልዑላውነት እናተጠቕማን ኣብ ልዕሊ ግቡእ ረብሓታተን ዚኾነ ምጥሓስ ንምክልኻል ኩሉ ዘድሊ ስጕምትታት ንምውሳድ ምሉእ መሰል ከም ዘለወን የቕምጥ።

ዋላ እተን ኣፍደገ ባሕሪ ዚውንና ሃገራት፡ ከም መመላእታ ናይተን ናይ ገዛእ ርእሰን ወደባት፡ ምእንቲ ስልጠትን ምውሓድ ወጻእታትን፡ መተሓላለፊ ሃገራት ይጥቀማ ኢየን። ንኣብነት፡ እታ ኣብ ኤውሮጳ ዚዓበየ ቍጠባ እትውንን ጀርመን ንሆላንዳዊት ወደብ ሮተርዳም ከም ቀንዲ ኣፍደገ ናይቲ ዚበዝሐ ክፋል ኣህጕራዊ ንግዳ ትጥቀም። እተን ኣብ ዓለም ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ኣርባዓን ኣርባዕተን ሃገራት፡ እንተላይ እተን ኣብ ኣፍሪቃ ዚርከባ ዓሰርተው ሽዱሽተ ሃገራት፡ መምስተን ዚምልከተን መተሓላለፊ ሃገራት ክልተኣዊ ስምምዓት ገይረን

ኢየን ኣህጉራዊ ንግዷን ዘሰላስላ። ኢትዮጵያ ንገዛእ ርእሳ’ውን ግዳማዊ ንግዳ እተሰላስለሉ ከምኡ ዚኣመሰለ ክልተኣዊ ስምምዕ ምስ ጅቡቲ ኣለዋ፣ ኣብ 1993 ድማ፡ ኣዝዩ ሕድገታዊ ዚኾነ መሰል ተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕርን ናጽነት መተሓላለፍን ናብን ካብን ወደባት ኤርትራ ምጽዋዕን ዓሰብን ምስ ኤርትራ ተላዚባ ፕሮቶኮላዊ ስምምዕ ገይራ ነይራ ኢያ።

ይኹን’ምበር፡ ኢትዮጵያ ኣብ 1998 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኲናት ምስ ኣወጀትን ንምጽዋዕን ዓሰብን ምድብዳብ ምስ ጀመረትን፡ ምጥቃም ኣገልግሎት ወደባት ኤርትራን መሳለጥያታት መተሓላለፍን ብበይናዊ ውሳኔ ከም ዘቋረጸት ምዝካር ይግባእ። ኢትዮጵያ ክንዮኡ ብምኻድ፡ ኣህጉራዊ መጐዓዝያ መራኽብ ወደባት ኤርትራ ንከይጥቀማ ሃዲዳ። ብወገነይ፡ ኤርትራ ኣብ ዚኾነ እዋን መሰል ተጠቃምነት ወደባታ ንኢትዮጵያ ዚኽልከለትሉ ኣጋጣሚ ኣይፈልጥን እየ።

ይኹን’ምበር፡ ድሕሪ መወዳእታ ናይቲ ኲናት፡ እቲ ሽዑ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዚነበረ መለስ ዜናዊ፡ ንኤርትራ ኣታዊታት ንምኽላእን ኣብ ልዕሊኣ ፋይናንሳዊ ጒድኣት ንምውራድን፡ ጸወታ “ክሰር-ክሰር” ብምምራጽ፡ ወደባት ኤርትራ ንኸይጥቀም ከም ዚተመባጸዐ እፈልጥ። ኣብዚ እዋን’ዚ፡ ኢትዮጵያ ነቲ ጽዩፍ ጠለባ ንዋንነት ገዲፋ፡ ኣንፈት ኣተሓሕዛኣ ኪትእርም፡ ኣብ ውሽጢ መቓን ውዕል ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሕጊ ባሕሪ፡ ንመሰል ተጠቃምነት ወደብን ናጽነት መተሓላለፍን ብቑንዕና ኣብ ናይ “ክሰብ-ክሰብ” ምውጋይ ኪትላዘብ ከድሊያ ኢዩ።

ወደባት ኤርትራ፡ ሽሕ’ኳ ሎሚ ዓንየን ብዘይ ስራሕ ባኺነን ናብ ምትሃተ ከተማታት ተቐይረን እንተሃለዋ፡ ልክዕ ከም ዱባይ ማዕቢለን፡ ከም ቀንዲ መላግቦታት ዓለምለኻዊ መርበብ ንግድን ማእከላት ኣህጉራዊ ምስግጋር መራኽብን ከገልግላ ዓቢ ተኽእሎ ኣለወን። ምስ መጠነኛ ምስትውዓል፡ ልቦና፡ ሓልዮትን ክእለትን ዘለዎ ምምሕዳር፣ እተን ህሉዋት ወደባት ኤርትራን ሓያሎ ካልኦት ኪምዕብላ ዚኽእላ ተወሰኽቲ ወደባት ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራን፡ ንኹሎም ግዱሳት ተጠቀምቲ ከዕግብ ዚኽእል እኹል ቦታ ኣሎ።

## 10. ውሽጣዊ ጸላኢ

ኢሳያስ ልዑላውነት ህዝቢ ገቢቱ፡ መንግስታዊ ስልጣን ብሒቱ፡ ንኤርትራ ንድሕሪት ዚጐተተ ሜላታትን ተግባራትን ኣሰላሲሉ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክቱር ድኽነት ሸሚሙ፡ መንእሰያት ብጃምላ ንኪስደዱ ብምድፍፋእ ሃገር ኣባዲሙ። ኣብ ዓዲ ብቐጻሊ እናነከየ ዚኸይድ ተዛማዲ መጠን ብዝሒ ህዝብን እናማሰነ ዚኸይድ ሓይሊሰብን፡ ህላዌኣዊ ስግኣት ንድሕነት ህዝብን ልዑላውነት ሃገርን ዚፈጥር፣ ንመጻኢና ከም ሃገርን ከም ህዝብን ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ክስተት ኢዩ።

ምዕቃብ ዘተኣማምን ዓቕሚ ግትኣትን (deterrence) ምክልኻልን (defence)፡ ትግባረ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብመሰረት ሕጋዊ ቅጥዕታት ናይቲ ኣበጋሲ ኣዋጅ፣ ብንቡር እናወሰኸ ዚኸይድ ብዝሒ ህዝቢ፣ ሰሳኒ ቍጠባዊ ልምዓት ይጠልብ። ምዕቃብ ኣድማዒ ዓቕሚ ግጥም ዘለዎ ዕጡቖ ሰራዊት፡ ምጥራይ ዋንነትን ኣጠቓቕማን ዘመናዊ ስነፍልጠትን ስነኪነትን፡ ግብራዊ ክእለትን ምዕቡል ስርዓታት ኣጽዋርን ይጠልብ።

እቲ “ኣብ ውሽጥኻ ጸላኢ እንተ ዘይብልካ፡ እቲ ኣብ ግዳም ዘሎ ጸላኢ ኪጕድኣካ ኣይክእልን ኢዩ” ዚብል ኣፍሪቃዊ ምስላ ንህሉው ኵነታት ኤርትራ ብልክዕ ይገልጽ። ህዝቢ ኤርትራ ብጨካን ዘቤታዊ ጭቈናን ንፍገት መሰረታዊ ናጽነታትን መሰላትን ኪሳቐ ጸኒሑ ኢዩ። ሓደ ውልቀመላኺ ስርዓት፡ ነቲ ፖለቲካውን ቍጠባውን ሜዳታት ዓጽዩ፣ ነታ ሃገር ነጺሉ፣ ነቲ ህዝቢ ኣድኪዩ፣ ንመንእሰያት ናብ ጃምላዊ ስደት ደፊኡ - ንሓይሊሰብ ኤርትራ ብምምሳን ንመጻኢ ናይታ ሃገር ኣብ ሓደጋ ኣውዲቑ። ብርኩት ባህርያውን ሰብኣውን ጸጋታት፡ ኣገዳሲ ጀኦስትራተጅያዊ፡ ጀኦቍጠባውን ጀኦፖለቲካውን ብልጫታት ኤርትራ ብግቡእ ብምጥቃም ሃገር ከማዕብልን መነባብሮ ህዝቢ ከመሓይሽን ኣይከኣለን።

ኣብ ኣከያይዳ መንግስታዊ ፋይናንስ፡ ኣታዊታትን ወጻኢታትን መንግስቲ፡ እንተላይ ኣታዊታት ካብቲ ኣዝዩ ኣኽሳቢ ጽላት ዕደና፡ ተሓታትነትን ግሉጽነትን የለን። እቲ ዚዓነወ ናይ ኩፖን ቍጠባ ነቲ ውሑድ መቒነን መዓልታዊ እኽለ-ማይ ብቑጻሊ ከባጽሖ ዳርጋ ስለ ዘይክእል፡ ንህዝቢ ኣብ ስቓይን ሓሳረ-መከራን ሸሚሙዎ ይርከብ። ከተማታትናን ወደባትናን ብዕንወት ማሲነን፣ እቲ ፍሩስ ህንጻታተንን ብጕዳጕዲ ዚተደወነ ጽርግያታተንን፡ ንቡር ጽገና ተሓሪሙ፡ ብፍጹም ተበላሽዩ፣ ወደባትና ናብ ምትሃተ-ከተማታት ተቐይረን።

እቲ ዝሕቱል ናይ ኩፖን ቍጠባ ሸቕለት ኪፈጥር፡ ሃብቲ ከፍሪ፡ ራህዋ ከምጽእ ኣይከኣለን። እቲ ኣብ ልዕሊ ጽላት ህንጻ ንኣስታት ዕስራ ዓመታት ዚጸንሐ እገዳ ነቲ ኣዝዩ ኣዋጣሪ ሕጽረት ኣባይቲ ኣጋዲዱ። ከም ጸዓት፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ማይ ቡምባ፡ ብቑዕ ዓይነታዊ ትምህርቲ፡ ሓለዋ ጥዕናን መድሃኒትን፡ ህዝባዊ መጕዓዝያ፡ ኣቕርቦት ኢንተርነት፡ ወዘተ.፡ ዚኣመሰሉ ኣድለይቲ ኣገልግሎታት ብዙሕ እዋን የለዉን ወይ እኹላት ኣይኮኑን። ምስዚ ብዚተኣሳሰር፡ ሓደ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ኤርትራ ዚበጽሐ፡ ኣብቲ ዞባ ዚነብር ሰብ፡ ኤርትራ ብኩነተ-ሃለዋት ኣካላውን ማሕበራውን ትሕተቅርጻ ካብተን ጕረባብታ ሃገራት ብዕስራ ዓመታት ድሒራ ከም ዘላ ምስ ሓበረኒ፡ ብርቱዕ ዚተሓዋወሰ ሕርቃንን ሕፍረትን ተሰሚዑኒ። እቲ ኣጠቓላሊ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ዲፕሎማስያውን ድኻም ኤርትራ ድማ ኢዩ ኣብ ልዕሊ ልዑላውነታን ግዝኣታዊ ምሉእነታን ግዳማዊ ታህዲዳት ዚዕድምን ዘተባብዕን።

ናጽነት ርእይቶ ምግላጽ፡ ኣኼባ ምግባር፡ ማሕበር ምቛም የለን። ስእነት ግቡእ ሕጋዊ መስርሕ ንዜጋታት፡ ላዕለዎት ሰብመዚ መንግስትን ወተሃደራዊ መኰነናትን፡ ብተመሳሳሊ፡

ንሃውራዊ ማእሰርቲ፡ ደረት-ኣልቦ ማሕቡስ፡ ግዱድ ምስዋር ሃለዋት ይኹንን። ብኩራት ግዝኣተ ሕጊ፡ ምስቲ ሕጽረት ቍጠባዊ፡ ናይ ጸዓት፡ ኣከባብያዊ፡ ናይ መግቢ፡ ናይ ጥዕና፡ ብሕታውን ፖለቲካውን ድሕነት ተደሚሩ፣ ህዝቢ ኣብ ናጽነት፡ ሰላምን ራህዋን ዚተማልአ ህይወት ናይ ምንባር መሰሉ ይነፍግ። ድንቍርና ናይ ንቡር መንግስታዊ ፕሮቶኮል፡ ሃንዳፍ መግለጺታት ኰነ ተበግሶኣዊ፡ ኣስተውዓልን ኣድማዕን ዲፕሎማሲ ምስልሳል ዘይምኽኣል ንሃገራዊ ጸጥታዊ ረብሓታትና የዳኽም፣ ኣብ ሃገራዊ ምክልኻል፡ ኣብ ህዝብና፡ ብፍላይ ኣብ መንእሰያትና፡ ብዘይመጣጠኑ ኲነታት ዓበይቲ መስዋእትታት የውርድ።

ኢሳያስ ነቲ ዚጸደቐ ቅዋም ኤርትራ ምትግባርን ግዝኣተ ሕጊ ምኽታልን ኣብዩ፡ ዕጭ ሓንፊፉ። ኣብ ልዕሊ'ቲ በቲ ንዘመናት ዚጸንሐ ስሩዕ ሕጊታት እንዳባሉ ዚሕበን፡ ብሕጊ ዚነባበር ሕብረተሰብ ተለዋዋጢ ዊንታዊ ግዝኣተ ሰብ ኣስገዲዱ። ምህናጽ ተግባራዊ መንግስታዊ መሳርዕ፡ ሰራሪ መንግስታዊ ትካላት ኰነ ስርሒታዊ ምምሕዳራዊ ኣካላት ዓጊቱ። ሓቛፊ ቅዋማዊ ምሕደራ ኪምስርት፡ ቍጠባ ከማዕብል፡ ማሕበራዊ ግስጋሰ ከሰላስል ኣይደለየን፡ ኣይከኣለን።

ኣብ ናይ ሳላሳን ክልተን ዓመታት ዕምሪ ስልጣኑ፡ ስርዓት ኢሳያስ ንኣብዝሓ ህዝቢ ኤርትራ መሰረታዊ ጠለባትን ኣድላዪ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ከቕርብ ኣይከኣለን። እዚ ክዉንነት'ዚ ድማ፡ ሃገር ብግቡእ ከማሓድር ኰነ መሰረታዊ ጠለባት ህዝቢ ከማልእ ብቕዓት ከም ዘይብሉ የረጋግጽ። ውጽኢት ሕማቕ ምሕደርኡ ንኤርትራ ኣንዊቑዋን ኣደንዲኑዋን ይርከብ። እቶም ንኢሳያስ ዚድግፉ፡ ዚንእዱ፡ ዚውድሱ ኰነ ነቲ ኣዕናዊ ኣነነቱ ዘንበድብዱ፣ ናብ ቀልቦም ኪምለሱን ኣብ መሳርዕ ናይቲ ነቶም ነዚ ጽልሙት ኲነታት'ዚ ዚፈጠሩ ሜላታትን ተግባራትን ንምቕያር ዚካየድ ጻዕሪ ኪጺንበሩን የድሊ።

11. **ጻውዒት ግቡእ ምፍጻም**

ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ኩሎም ህዝብታት፡ ዚተማልአ ህይወት ናይ ናጽነት፡ ሰላምን ራህዋን ንምንባር ዘኽእሎ ድሕነትን ድሕንነትን ኪህሉዎ ይግባእ። ከም ህዝቢ፡ ብግዝኣተ ሕጊ ንምንብባርን መሰረታዊ ናጽነታትን መሰላትን ንምስትምቓርን ዘይንፈግ መሰል ኣሎና። ኣብ ክንዲ ኣብ መላእ ዓለም ከም "ደቂ ዛግራ" ፋሕ ኢልና ስደተኛታት ኴንና እንነብር፡ ኣብ ገዛእ ሃገርና ብክብረት፡ ድሕነትን ራህዋን ክንነብር ይግባእ።

እቶም ደሞክራስያዊት ኤርትራ ክንርኢ እንደሊ፡ መሰረታዊ ናጽነታት፡ መሰላትን ሰብኣዊ ድሕነትን ህዝብና ንምክልኻል፣ ሃገር-በቑል ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ ንምድራኽ፣ ሃገራዊ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ንምርግጋጽ ክንጣበቕ እዋኑ ይጠልብ። እቶም ሃገራዊ ረብሓ ኤርትራን ድሕንነት ህዝቢ ኤርትራን ዘቐድሙ፡ ፖለቲካውን ቍጠባውን ህይወት ሃገር ንምርሓው፣ ቍጠባ ዘማዕብል፡ ሸቕለት ዚፈጥር፡ ራህዋ ዘስፍን ጥንቁቕ

ኣመሓዳድራ ባህርያውን ሰብኣውን ጸጋታት ኤርትራ ንምትእትታው ኪጣበቑ ይግባእ። ለባም ማክሮቍጠባዊ ሜላን ሕጋዊ መቓንን ምውዳድ ልምዓት ከቀላጥፍ፡ ዘቤታዊ ወፍሪ ከተባብዕ፡ ግዳማዊ ቀጥታዊ ወፍሪ ኪስሕብ ይኽእል።

ኣብዚ ዘለናዮ ሕገ-ኣልቦ፡ ስርዓተ-ኣልቦን ፍትሒ-ኣልቦን ዚኾነ ተኣፋፊ መድረኽ ስግግር ዓለማዊ ስርዓት'ዚ፡ ኤርትራ ኣብ ተቐያያርን ተሃዋጽን ዞባ ስለ እትርከብ፡ ንባዕዳዊ ወራር ወይ ታህዲድ ዚገትእ ዘተኣምምን ዓቕሚ ርእሰ-ምክልኻል፣ ብዘመናዊ ኣጽዋርን ምዕቡል ስርዓተ እዝን ቍጽጽርን ዚተዓጥቀ ብቑዕ ሞያዊ ሰራዊት፣ ልምዓትን ሃገራዊ ድሕነትን ንምርግጋጽ፡ ዘተኣማምን መሰረት ዓቕሚሰብ ዘውሕስ፡ ብቐጻሊ ዚስስን ብዝሒ ህዝቢ፣ የድሊያ። እዚ ድማ ትግባረ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብመሰረት ዓንቀጻት ኣዋጅ *82/1995* (26) ይጠልብ። ብተወሳኺ፡ ሃገራዊ ጸጥታዊ ረብሓታት ህዝብን ሃገርን ዘደንፍዕ ተበግሶኣዊ ዲፕሎማሲ ምስልሳል የድሊ።

12. **መደምደምታ**

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መንጎ ወጸቓ (anvil) ዘቤታዊ ጭቈናን ሞደሻ ታህዲድ ወራርን ተቐርቂሩ ኣብ ቀጻሊ ስቓይን ሓሳረ-መከራን ይርከብ። እቶም ድሕንነት ህዝቢ ኤርትራን ናይ ነዊሕ ሃገራዊ ጸጥታዊ ረብሓታት ኤርትራን ዘቐድሙ ሓርበኛታት ኤርትራውያን ኣንጻር ጭቈና ኪቃለሱ፡ ንወራር ኪቃወሙ፡ ልዑላውነት ህዝቢ ኤርትራ ንምምላስ ኪጣበቑ ሓላፍነት ኣለዎም። ነዚ ሓላፍነት'ዚ ብኣድማዕነት ምስካም፣ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ዲያስፖራን፡ ኣብ ሓደ ሓቛፊ ቀጽሪ ልዑላውነት ኤርትራ ዚጥርነፍ ሰፊሕ ልፍንቲ ናይ ተነጣጠፍቲ ብምህናጽን ምሕያልን፣ መሰላቱን ናጽነታቱን ንምክልኻል፣ ልዑላውነቱ ንምጥቃም፣ ንታህዲድ ወራር ንምብርዓን ዘኽእል ተግባራዊ ዓቕሚ ህዝብና ምድንፋዕ ይጠልብ።

ንመሰል ተጠቃምነት ወደባት ኤርትራ ብዚምልከት፡ እቲ ቅኑዕ ኣማራጺ፡ ንሓባራዊ ረብሓ ዘገልግል፡ ብቕንዕና ክልተኣዊ ልዝብ ብምክያድ፡ ኣብ ስምምዕ ምብጻሕ ኢዩ፤ እቲ ግጉይ ኣማራጺ ድማ፡ መቕዘፍትን ዕንወትን ናይ ኲናት ኢዩ። እምበኣርከስ፡ ኣቢይ ነቲ ዘጸይፍ ጠለቡ ናይ ዋንነት ገዲፉ፡ ብመሰረት ውዕል ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሕጊ ባሕሪ፡ ንምሉእ ልዑላውነት፡ ግዝኣታዊ ምሉእነትን ግቡእ ረብሓታትን ኤርትራ ኣብ ዘኽብር ቅጥዕን ኣገባብን ኣጠቓቕማ ወደብን ናጽነት ምትሕልላፍን ኢትዮጵያ ብኤርትራ ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ፡ ብቕንዕና ንምልዛብ ኪሕልን እቲ እንኮ ሰላም ዚዕቅብ ቅኑዕ ኣማራጺ ምዃኑ ደጊመ አስምረሉ።

ዘልኣለማማዊ ሓበን ንጀጋኑ ሰማእታትና!
ዕድመ ንናጻ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ!

ፈጣሪ ንኤርትራን ህዝባን ይባርኽ!

## ምልክታታትን መወከሲታትን

1. ሰልፊ ብልጽግና (Prosperity Party) በቲ ኣቐዲሙ ብስም ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ውድብ ኦሮሞ (ህደውኦ - OPDO) ዚፍለጥ ዚነበረ ደሞክራስያዊ ሰልፊ ኦሮሞ (ODP) ዚዕብለል ሰልፊ ኢዩ። ህደውኦ ብቐንዱ በቶም ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (ህግሓኤ) ተማሪኾም ናጻ ዚተለቁ ኦሮሞ ወተሃደራት ሰራዊት ናይ ደርግ ኢትዮጵያ ዚቘመ ኢዩ። ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይቲ ሽዑ ዓብላሊ ዚነበረ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት)፡ ኣብቲ ዚገዝእ ዚነበረ ልፍንቲ ናይ ህዝባዊ ሰውራዊ ግንባር ህዝብታት ኢትዮጵያ (ህሰደግህኢ) ከም መተካእታ ወይ መማዝንቲ ናይ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ (ግሓኦ) ከገልግል ቈይሙ ዚነበረ ኢዩ።

2. Prime Minister Abiy Ahmed Ali, ከጠብታ ውሃ እስከ ባህር ውሃ (From a Drop of Water to Sea Water), address to the Ethiopian Parliament delivered on 13 October 2023. Available online: https://fb.watch/nFi5YLLmR1/.

3. The Holy Bible, Matthew 9:17

4. Trevaskis, G.K.N. (1960), Eritrea: A Colony in Transition, 1941-1952, Oxford University Press, London: 5

5. Turchin, P. and J. M. Adams and T. D. Hall (2004), East-West Orientation of Historical Empires, University of Connecticut. November. Available online: http://www.eeb.uconn.edu/people/turchin/PDF/Latitude.pdf

6. Trevaskis, G.K.N. (1960): 5

7. Yohannes, O. (1991), Eritrea: A Pawn in World Politics, University of Florida Press: 30

8. Pateman, R., Eritrea: Even the Stones Are Burning, Red Sea Press, 1990

9. Haile, S. (1988), “Historical Background to the Ethiopia-Eritrea Conflict”, in Lionel Cliffe and Basil Davidson (eds), *The Long Struggle of Eritrea for Independence and Constructive Peace*, Trenton, NJ, The Red Sea Press: 11-32

10. ፈለግ መረብ፡ ምስ ፈለግ በለሳን ሙናን ብሓባር፡ ነቲ ኣብ መንጎ ምድሪ ባሕርን ኣቢሲንያን ዚነበረ ታሪኻዊ ዶብ የቐውም። እቲ ኣብ መንጎ ኢጣልያን ኢትዮጵያን ዚተገብረ ውዕል ዶብ 1900 ንመስመር መረብ-በለሳ-ሙና፡ ከም ኣህጕራዊ ዶብ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብቲ ማእከላይ ክፋል የረጋግጽ።

11. Reid, R. (2007), “The Trans-Mereb Experience: Perceptions of the Historical Relationship between Eritrea and Ethiopia”, in «Journal of Eastern African Studies»: 246

12. Yohannes, O. (1991): 31

13. Reid, R. (2007): 32-34

14. Trevaskis, G.K.N (1960): 7

15. Longrigg, S. (1945), A Short History of Eritrea, London Clarendon Press: 113

16. Trevaskis, G.K.N (1960): 7

17. Resistance from Raesi Welde-Mikael of Hamasien, Dejach Bahta of Akele Guzai, Fitewrari Kiflu of Seraye and Kentiba Hamid of Habab and peasant revolt hindered Yohannes’ effective control of the Central Plateau.

18. Longrigg, S. (1945): 112-113

19. Harris, Joseph E. (1987), Africans and their History, Revised Edition, New American Library, New York and Scarborough, Ontario: 176-177. ታሪኻዊ ሓቂ ብምኽባር ግን፡ ድሕሪ’ቲ ናይ ሃኒባል፡

እቲ ቀዳማይ ዓቢ ዓወት ኣፍሪቃዊ ሰራዊት ኣብ ልዕሊ ኤውሮጳዊ ሰራዊት፡ እቲ ሱዳናዊ ማህዳዊ ሰራዊት ካብ ውግእ ዓድዋ ሓደ ዓሱረ-ዓመት ኣቐዲሙ፡ ነቲ ናይ ጀነራል ጎርዶን ብሪጣንያዊ መግዛእታዊ ሰራዊት ኣብ ካርቱም፡ ኣብቲ መጸንበሪ ሰማያውን ጻዕዳን ፈለግ ኒል ኣብ ጥሪ 1885 ዚደምሰሰሉ እዋን ከም ዚተመዝገበ ኪግለጽ ይግባእ። ዘይ ከምቲ ናይ ኢትዮጵያ ጕዳይ ግን፡ ብኩራት ኤውሮጳዊ ውድድር ንመግዛእታዊ ዕብለላ ሱዳን፡ ድሕሪ ዓርባዕተ ዓመት፡ ብሪጣንያ ንማህዳዊ ተቓውሞ ስዒራ ኣብ መስከረም 1898 ኣንግሎ-ምስራዊ ሓባራዊ ምምሕዳር ናይ ሱዳን (Anglo-Egyptian Condominium of the Sudan) ኪትምስርት ኣኽኢሉዋ።

20. Adejumboli, S. A. (2007), The History of Ethiopia, Westport, CT and London, Greenwald: 28

21. Hertslet, Sir E. (1909), The Map of Africa by Treaty, Vol. II № 125, 3rd Edition, H.M.H.O., by Harrison and Sons, London Smithsonian Libraries. Available online: https://www.africaemediterraneo.it/it/numeri-rivista/laboratorio-africa/

22. Hertslet, Sir E. (1909), № 100. Available online: https://www.africaemediterraneo.it/it/numeri-rivista/laboratorio-africa/

23. Hertslet Sir E. (1909), № 381. Available online: https://www.africaemediterraneo.it/it/numeri-rivista/laboratorio-africa/

24. Welde Giorgis, A. (2014), Eritrea at a Crossroads: A Narrative of Triumph, Betrayal and Hope, Strategic Book Publishing and Rights Co.: 13-49

25. 1982 UN Convention on the Law of the Sea. Available online: https://www.un.org/depts/los/convention_agreements/texts/unclos/unclos_e.pdf

26. Government of Eritrea, Gazette of Eritrean Laws, *Proclamation 82/1995*, № 11, Asmera, 23 October 1995